


*ብምኽንያት መስዋእቲ ክቡር ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳር፡ ገዲም ተጋዳላይ፡ ወልደሚካኤል ገብረማርያም ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን ብስም ህዝባዊ መኸተ ማእከላይ ምዕራብ ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካ ክንገልጽ ንደሊ።*

*ገዲም ተጋዳላይ ሚኒስተር ወልደሚካኤል ገብረማርያም ምስቶም ቀዳሞት ተነበይቲ ሃገራዊ ናጽነትን ፈለምቲ ህዝባዊ ቃልስን ኤርትራ ዝስራዕ፡ ኣብ ምምጻእ ናጽነትን ምውሓስ ልኡላውነትን ምድልዳል ሓድነትን ኤርትራ ድማ ምስቶም ኣዝዮም ብሉጻት ሓርበኛታት ዝስራዕ ብምንባሩ፡ መስዋእቱ ኣዝዩ ከቢድ እዩ። በዚ ኣጋጣሚ፡ ንስድራቤት ሚኒስተር ወልደሚካኤል ገብረማርያም፡ ንህዝቢ ኤርትራን ንመንግስቲ ኤርትራን ጽንዓት ይሃብኩም ንብል።*

*መስዋእቲ ጀጋኑ ዘሰክመና ሕድሪ ከነኽብር ዘሎና ድሉውነት ንገልጽ።*

*ዓወት ንሓፋሽ!!*

*ህዝባዊ መኸተ ማእከላይ ምዕራብ ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካ*